# ሕጂ ከምብሓዱሽ ንናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ ከተምልክቱ ትኽእሉ ኢኹም

ቬድሶ ኮሙና ኣብ ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርተት/ ናይ ፈተነ ስርሑ ቀጺሊ'ሎ። ኣብ ጽድያ /ቮር/ 2020 እስካብ ዕለት 15 ሰነ ንዘውጻእኩሞ ገንዘብ ክምለሰልኩም ከተምልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ዕለት 15 ጉንበት ንክኽፈለኩም፣ ናይ ምምልካት ናይ መወዳእታ ጊዜ ዕለት 1 ግንቦት እዩ።

## ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ እንታይ እዩ?

እዚ ማለት ኩልኹም ዕድሜኹም ካብ 6 እስካብ 18 ዓመት ዝኾንኩም ቆልዑትን መናእሰያትን ንሓደ ዓይነት ወይካዓ ዝተፋላለዩ ዓይነታት ናይ ናጻ ጊዜ ንጥፈታት መታን ክትጥቀሙሉ ኣብ ፍርቂ ዓመት እስካብ 1000 /ሽሕ/ ክሮነር ዝዋሃበኩም ክፍሊት እዩ። ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ ነቲ ዝምልከቶ ውልቀሰብ ጥራሕ ዝዋሃብ ዕድል እዩ። ዕላምኡ /ሽቶኡ/ እውን ኣብ ምምዕባል ሱታፌን ምጽምባርን /ሓባራዊነት/ ኣበርክቶ ንምግባር እዩ።

## ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ እንታይ እናታይ ይሸፍን?

ንሓደ ወይ ንዝተፋላለዩ ዓይነታት ንጥፈታት ንሓደ ቖልዓ ክፍሊት ኣብፍርቂ ዓመት እስካብ 1000 /ሽሕ/ ክሮነር እዩ። እዚ ናይ ናጻ ጊዜ ንጥፈታት ኽፍሊት'ዚ ንናይ ልምምድ /ትረኒንግ/፣ ናይ ተጻዋታይ ፍቓድ፣ ኮምኡውን ካልኦት ወዝባዊ ወይ ቁንጣሚንጢ መጻኢታት እውናይ ዝሸፍን እዩ። ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ ኣብ ፍርቂ ዓመት ብውሑድ 10 ጊዜ ንዝካየድ ንጥፈታት ዕለታዊ  ምድላዋት ይሸፍን እዩ። ንኣብነት ኣብ ቀውዒ /ሆስት/ 2019 ንናይ ክረምቲ /ሶመር/ 2020 ሱታፌ ኢልካ እንድሕር ከፊልካ ኔርካም እቲ ቅድሚ ልደት ዝኸፈልካዮ ልዕሊ 1000 /ሽሕ/ ክሮነር እንተነይሩ፣ እቲ ልዕሊ ሽሕ ዝኸፈልካዮ ኣፈላላይ ኣፍቲ ናይ መመልከቲ ንድፊ /ቅጥዒ/ ኣታሓሕዞሞ እቲ ኣፈላላይ ናብ ናይ 2020 ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ ክማሓላለፈልካ እዩ።

ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ ናይ ዕረፍቲ ጊዜ ዕድል /ፌርየ ቲልቡድ/፣ ናይ ካምፕ ጻንሒት /ላየር-ኦፕሆልድ/ ወይ ንዙርያ ግጥማት ኣይሸፍንን'ዩ። እቲ ካርዲ ኣብ ሲነማ፣ ቦውሊን ወይ ካልኦት ብውልቂ ዝተዳለዉ ንጥፈታት ምጥቃም ኣይካኣልን'ዩ። ናይ ስፖርት ኣቑሑት፣ መሳርሒታትን ዝኣምሰሉን እውን ብናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርተት/ ኣይሸፈኑን።

## መንዩ ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ ክረክብ ዝኽእል?

ነዚ ክረኽቡ ዝኽእሉ ናይ መንበሪ ኣድራሽኦም ኣብ ቫድሶ ዝኾኑን ዕድሚኦም ካብ 6 እስካብ 18 ዘለዉ ቆልዑን መና እሰያትን እዮም። የሕዋት ነንሕድሕዶም ናይ ገዛርእሶም ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ እዩ ዝዋሃቦም። ኣብቲ ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ ዘሎ ገንዘብ ነቲ ዝምልከቶ ሕድሕድ ቆልዓ ጥራሕ እዩ፣ ኣብቲ ካርዲ ዘሎ ገንዘብ ክጥቀም ዘይካኣለ ቆልዓ ናብ ሓዉ ከሕልፎ ኣይኽእልን'ዩ። እቲ ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ ዘገልግል 6 ዓመት ካብ ዝመላእካሉ ዓመት ዓውደ ኣዋርሕ /ዓመተ ምሕረት/ ጀሚሩ እስካብ 18 ዓመት ዝመልኣካ ዓመት ዓውደ ኣዋርሕ እዩ።

## ኮምዙይ ጌርካ ኢኻ ተመልከት

ካብ 6 እስካብ 16 ዓመት ንዘለዉ ቆልዑት፡- ካብቶም ወለዲ ሓዲኦ ከክንዲ ቆልዐኦም ኮይኖም ከመልከቱሎም ኣለዎም።

ካብ 16 እስካብ 18 ዓመት ንዘለዉ መናእሰይ፡- ወይ ባዕሉ እቲ መንእሰይ ወይ ካብቶም ወለዲ ሓዲኦም ኣብ ክንድቲ ቆልዓ ከመልከቱ ይኽእሉ።

እቲ ዘውጻኹሞ ክፍሊት ክምለሰልኩም እንተደሊኹም፣ ናይ ባንኪ ቁጽሪ ሒሳብ /ኮንቶ-ኑመር/፣ ናይቲ ቆልዓ ሽሙን ዕለተ ልደቱን /ፎድሽልስ-ዳቶ/ የድሊ እዩ።

- **ኣብዚ፣ ንንጥፈታት 2020 ዝኸፈልኩሞ ክምለሰልኩም ከተምልክቱ ትኽእሉ ኢኹም**

እቲ ናይ መመልከቲ ንድፊ /ቅጥዒ/ ንምምላእ ሓገዝ ዘድልየኩም እንድሕር ዳኣ ኾይኑ፤ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ፣ ቤተ ንጥፈታት ወይካዓ ቤት ጽሕፈት ግልጋሎት /ሰርቪስ-ኮንቱረ/ ሕተቱ።

## ናይ 2020 ናጻ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርተት/

ኣብ ቀውዒ /ሆስት/ 2020 ኣብ ቫድሶ፣ ንናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርት/ ዝኸውን ሓዱሽ ዙርያ ገንዘባዊ ሓገዝ ክህሉ እኽእል'ዩ። ኣብ ጽድያ /ቮር/ 2020 ዘይተጠቐምኩሙሉ ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርተት/ ናብ ቀውዒ /ሆስት/ 2020 ኣይማሓለፍን'ዩ።

## ናይ መኽፈሊ ዕለት

ኩልኹም እስካብ ዕለት 1 ወርሒ ግንቦት ኣብዘሎ ጊዜ ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርተት/ ንምርካብ እተመልክቱ፣ ኣብ ዕለት 15 ወርሒ ግንቦት ከባቢ ክኽፈለኩም'ዩ። እቶም ኣብ ሞንጎ ዕለት 1 ወርሒ ግንቦትን ዕለት 15 ወርሒ ሰነን ዘመልክቱ ግን፣ ዕለት 20 ወርሒ ሰነ እዩ ዝኽፈሎም።

## ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ /ፍሪቲድስ-ኮርተት/ ኣብ ቫድሶ

ብዛዕባ ካብ 6 እስካብ 18 ዕድመ ዘለዉ ቆልዑት ናይ ትሑት እቶት ዘለዎም ስድራቤታት ናይ ሓገዝ ኣሳራርዓ Fritidsfondet i Vadsø /ገንዘባዊ ሓገዝ ናጻ ጊዜ ኣብ ቫድሶ/ ከምዘሎ ከነዘክረኩም ንደሊ። ናይ ቫድሶ ገንዘባዊ ሓገዝ ናጻ ጊዜ ዘድለየሉ ምኽንያት፣ ኩሎም ኣብ ሞንጎ 6 ን 18 ዓመት ዕድመ ዘለዉ ቆልዑትን መናእሰይን፣ ዓቕሚ ቁጠባ ስድሮኦም ብዘየገድስ፣ ዕድል ንጥፈታት ናጻ ጊዜ  መታን ክረኽቡ ውሕስነት ንምውሃብ እዩ።

ናይ ናጻ ጊዜ ካርዲ **ንኹሎም** ኣብ ሞንጎ 6 ን 18 ዓመት ዕድመ ዘለዉ ቆልዑትን መናእሰይን ዝዋሃብ ዕድል እንትኾን፣ Fritidsfondet /ገንዘባዊ ሓገዝ ናጻ ጊዜ/ ግን ካብ ትሑት እቶት ዘለዎም ስድራ ቤታት ንዝወጹ ዕድሚኦም ካብ 6 እስካብ 18 ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑትን መናእሰይን ጥራሕ ዝግበር ሓገዝ እዩ።

ኣብዚ ናይ ፕሮጀክት ፈተነ እዋን፣ እዘን ክልተ ምትዕርራያት እዚአን ከመይ ኢለን ብዝበለጸ መንገዲ ብሓደ ክኸዳ ከምዝኽእላ ክንዕዘብ /ክንርኢ/ ኢና።

እታ ስድራቤት ካብ ማሕበራዊ ውሕስና /እንዳ ሶሻል/ ወይ ካሊእ ዓይነት ክፍሊታት ካብ ናቭ /NAV/ እንድሕር ዳኣ ትቕበል ኮይና፣ እዚ ናይ ናጻ ጊዜ ንጥፈታት ወጻኢ ኣብቲ ቦታ ክሸፈነላ መሰል ኣለዋ።

ብዛዕባ ስራሕ ኣሳራርዓ ናጻ ጊዜ ዝምልከት ሕቶ እንተለኩም ምስታ ሓላፊት ኮሙና ግሬተ ፐለይም ብ grethe.pleym@vadso.kommune.no ወይካዓ ሊሰ ብ lise@trivselslaben.no ተራኸቡ።

ኣብዚ ምትዕርራይ እዚ ኣብ ቀውዒ /ሆስት/፣ ኣብ ቫድሶ ምስ ዘለዋ ጋንታታትን ማሕበራትን ከበርክቶኦ ብዛዕባ ዝኽእላ ነገር ንምዝርራብ ክንራኸብ ኢና።